ብዛዕባ እቲ ኣብ ICRC ብኢንተርነት እተፈጸመ መጥቃዕቲ

ብሓጺሩ፥ እንታይ ተፈጺሙ፧

ብ18 ጥሪ 2022 እቲ ICRC ብኢንተርነት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ሓደ ካብ ዳታቤሳቱ (መሰረታዊ ፋይል ሓበሬታ) ኣረጋግጹ።

እቲ ዝምልከት ዳታቤስ እዚ መሰረት ዕዮ ናይቲ SRC Tracing Service (ኣገልግሎት ምክታል) እዩ። ኮሉ እቲ ብዛዕባ ቐጻሊ ኽነ እተዛዘመ ሕቶታት ምንዳይ ዚገልጽ ሓበሬታ ኣብቲ ዚምልከት ዳታቤስ ተዓቂቡ ኣሎ።

ICRC ነቲ ብኢንተርነት ዚፍኖ መጥቃዕቲ ኣጸቢቑ ይምርምሮ ኣሎ። ነቲ ኣብ ክንዲ ልዕሊ 60 ዝኸኑ ቐይሕ መስቀል ከምኡውን ቀያሕቲ ወርቂቲ እተገብረ ኣህጉራዊ ምልውዋጥ ሓበሬታ ኣከቦን ኣተሓባበሮን።

ገበርቲ እቲ ብኢንተርነት እተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣይፍለጡን እዮም። ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ እቲ እተሰርቀ ሓበሬታ ኽም እተሓትመ ዚሕብር መርትዖ የልቦን።

ነዚ ብሕታዊ ሓበሬታ እዚ እነዋህልሎ ስለምንታይ ኢና፧

ሰባት ዝጠፍኡ ኣዝማዶም ንምርካብ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ ንምድጋፍ እተፈላለየ ሓበሬታ የድልየና ኢዩ። ኣዝማድ ንመወዳእታ ግዜ ኣበይ እዮም ተራእዮም፧ ንመወዳእታ ግዜ ምሳታቶም እተራኸቡ መዓስ እዮም፧ ኮሉ ዝርዝር ነጥብታት ኣብምንዳይ ኪሕግዝ ይኽእል እዩ። ምስ ስምምዕ እቶም እተጐድኡ ሰባት ብምስምማዕ እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ ውሽጢ እቲ መርበብ ሓበሬታ ብዕላማ እዩ ዚካፈል፣ እዚ ኽኣ ነቶም ዝጠፍኡ ኣዝማድ ናይ ምርካብ ኣጋጣሚ ይኸፍተሎም። ነዚ ሓገዝ እዚ ንምሃብ መብዛሕትኡ ግዜ ብሕታዊ ዝርዝራት ክንእከብን ከነዋህልልን ኣሎና።

እዚ ብኢንተርነት ዚፍኖ መጥቃዕቲ ኽንደይ ሓበሬታ እዩ ዜጠቓልል፧

እዚ ጥሕሰት እዚ ኣስታት 18000 መጠን ዳታ/ሓበሬታ ዘጠቓለለ እዩ። እቲ ዝምልከት ዳታ እቶም ዚደልዩ ሰባት ዚህቡና ብሕታዊ ዝርዝራት እዩ። እዚ ኽኣ ተኣፋፊ ሓበሬታ የጠቓልል ከም

- ምሉእ ስም፣
- ዝርዝር ኣድራሻታት (ኣድራሻ ኢ-መይል፣ ቀጽሪ ተሌፎን፣ ወዘተ)፣
- ኣስማትን ካልእ ብሕታዊ ዝርዝራትን ዝተደለዩ ኣባላት ስድራ ቤት፣
- ብዛዕባ ኹነታት ምጥፋኦም ዚገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ከምኡውን
- ነቲ ምንዳይን ርክብ ንምምስራትን ዚኸውን ደብዳበታትን ሰነዳትን።

እቶም ብኢንተርነት ዝፈጸሙ ገበነኛታት ነቲ ሓበሬታ እንታይ ገበሩ፧

ሕጂ፣ እቲ ICRC እቲ ሓበሬታ እተቐድሐን ናብ ወጻኢ ዚስደድን ኮይኑ ይግምት። ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ከም እተሓትመ ወይ ከም እተሸጠ ዚሕብር መርትዖ የልቦን። ጉጅለታት ICRC ነዚ ፍጻመ እዚ ተጠንቂቐም ንምቀጻጸር ምሉእ ብምሉእ ተወዲበን እየን። ICRC እቲ ብኢንተርነት እተፈጸመ መጥቃዕቲ ምስ ተፈልጠ ንምዕቃብ ተባሂሉ ኣብ መላእ ዓለም ዚርከብ መእተዊ ዳታቤስ ብኡንብኡ ጠፍኣ።

ICRC እንታይ ይገብር ኣሎ፧

ስፍሓትን ጽልዋን እዚ ብኢንተርነት ዚፍኖ መጥቃዕቲ ገና ኣይተፈልጠን። ICRC ነቲ ምጉዳል ፍትሒ ኣብ ምምርማርን ነቲ ኼስዕቦ ዚኽእል ሓደጋታትን ጽልዋታትን ኣብ ምግምጋምን ይዓዩ ኣሎ።

www.icrc.org/en/document/icrc-cyber-attack-analysis

SRC ኽ እንታይ ትገብር ኣሎ፧

ቀንዲ ሽቶና ብእተኻእለና መጠን ነቶም እተጐድኡ ቐልጢፍና ኽንሕብሮምን ብብዙሕ ቋንቋታት ከንራኽቦምን እዩ። ምስ ICRC ብሓባር ኳንና ነቶም እተጐድኡ ሰባት ኬጋጥሞም ዚኽእል ሓደጋታት ብቐጻሊ ኽንምርምሮ ኣድላዩ እንተ ኾይኑ ኽኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ፍሉይ ስጕምቲ ኽንወስድ ኢና።

ሰበ-ስልጣን ስዊዘርላንድ ብጋህድን ምሉእ ብምሉእን ተነኪርዎም ኢዩ። SRC ምሳታቶም ርክብ ኣለዎ ካብቲ እተረጋገጸ ምትሕብባር ድማ ኪረኽቡዎ ይኽእሉ እዮም።

SRC ንብሕትነትን ውሕስነትን ሓበሬታ ኣርዚኑ እዩ። ንስርዓታት ሓበሬታና ብመሰረት ናይ ኢንዱስትሪ መዐቀኒታት ነተኣማምኖ ኣድላዪ ኣብ ዝኹነሉ እዋን ከኣ ሓበሬታኻ ንምዕቋብን ብእተኻእለና መጠን ሓደጋታት ንምቕናስን ኣድላዪ ስጉምትታት ንወስድ ኢና።

እቶም ኪትንከፉ ዚኽእሉ እንታይ ኪገብሩ ይኽእሉ፤
ፍልይ ዝበለ ነገር እንተ ኣስተብሂልካ ንገረና። ሕቶታት ወይ ሻቕሎት እንተ ኣልዩካ ደዊልካ ጸውዓና። ንዓኻ ኢና መጺእና።

ናይ ምክልኻል ስጉምትታት

- ብዓይኒ ጥርጣረ ዚርአ ኢ-መይል ወይ ብሞባይል ዚለኣኽ መልእኽቲ እንተ ተቐቢልካ ቀልጢፍካ ኣወግዶ፣ ኣይትስደዶ። እቲ መልእኽቲ ኻብ ሓደ ኽቡር ምንጪ (ንኣብነት ካብ ቀይሕ መስቀል) ዝመጸ ኺመስል ይኽእል እዩ።
- ነቲ ዜተሓታትት መልእኽትታት ምላሽ ኣይትሃበሉ ከም ስም፣ ተጠቃሚኻ ቃለ-ምስጢርካ፣ ቀኒጽሪ መንነትካ/ID፣ ሕክምናዊ ሓበሬታኻ ወዘተ ዝኣመሰለ ብሕታዊ ሓበሬታ ድማ ኣይትእቶ።
- እንተ ተጠራጢርካ ምሳና ተራኽብ፣ tracing@redcross.ch / 058 400 43 80።

ሳዕቤን ናይቲ ብኢንተርነት ዝፍኖ መጥቃዕቲ እንታይ ኢዩ፤
ዕላማ እቶም ብኢንተርነት ዝፈጸሙ ገበነኛታት ገና ኣይተፈልጠን። ሕጂ ኣብዚ እዋን፣ እቲ ሓበሬታ ኽም እተቐድሐን ናብ ወጻኢ ኽም ዚስደድን እዩ ዚግመት። ሳዕቤኑ ኣብዚ እዋን እዚ ዘይተፈቕደ ሰባት ብዘይሕጋዊ መገዲ ኽረኽቡዎ ኣብ ዝኽእሉሉ እዋን እተሓጽረ ኢዩ። ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ እቲ ሓበሬታ ኣይተሓትመን ወይ ብዘይግቡእ ኣይተጠቕመን። ኣብዚ እዋን እዚ ተወሳኺ ሳዕቤናት ንጹር ኣይኮነን። ሰባት ኪጠፍኡ ኽለዉ፣ ስድራ ቤቶምን ፈተውቶምን ብዙሕ ፍርህን ስግኣትን የጋጥሞም እዩ። እዚ ብኢንተርነት ዚፍኖ መጥቃዕቲ ምስቶም ብቐይሕ መስቀል ኰነ ብቐይሕ ሂላል ዚዓይዩ ብጾትና ንኽንተሓባበርን ንስድራ ቤታት ኣዝማዶም ኣበይ ከም ዘለዉ ንኽነረድኦምን ዓብዪ ዕንቅፋት ይኹነና እዩ። ቀያሕ መስቀል ኰነ ቐይሕ ሂላል ምንቅስቓስ ን12 ሰባት ምስ ኣዝማዶም ዝነበሮም ርክብ ናብ ቀደሙ ንኪምለስ በብመዓልቱ ይሕግዙ። እዚ ኣገዳሲ ዕዮ እዚ ብኢንተርነት ዚፍኖ መጥቃዕቲ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘሎ።

ካልእ ናይ SRC ሓበሬታ ተተንኪፉ ድዩ፤
ካልእ ናይ SRC ኣይ.ቲ. ስርዓታት ኮምፕዩተር በዚ መጥቃዕቲ ኒተርነት ኣይተተንከፉን። ከምዚ ኺበሃል ከሎ ካብ ኣገልግሎት ትራሲንግ SRC ዝመጸ ሓበሬታ ጥራይ ተተንኪፉ። ንኣብነት ምስ ወሃብቲ ዚተሓሓዝ ሓበሬታ፣ ብዛዕባ ናይ ድሌት ሂወት ሕክምናዊ ሰነዳት፣ ሓበሬታ ሞያ ኽንክን ጥዕና፣ ኣይተተንከፈን ኣሎ። እዚ ኾሉ ሓበሬታ ኣብ እተፈላለየ ናይ ኣይ.ቲ. መሳርሒታት ኢዩ ዝርከብ እዚ ድማ በቲ ብኢንተርነት ዝፍኖ መጥቃዕቲ ኣይትንከፍን ኢዩ።

ሓበሬታ ኣድራሻ፡-
ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ብቐጥታ ምስ ኣገልግሎት ትራሲን ክትራኽብ ትኽእል ኢኻ።
tracing@redcross.ch፣ 058 400 43 80።